# <u>ህዝባዊ መኸተ፡ ብዋጋ መን ንረብሓ መን'ከ</u>

ከም ንቡር ሓደ ዝሓረገ ዓመት፡ ብሓድሽ ዓመት ክትካእ እንከሎ፡ መንግስታት ንህዝብታቶም ሓደስቲ ፖሊሲታት፡ መደባት ዕዮ ዕማምን ናይ ተግባር መምርሒታትን ሒዞም'ዮም ብትሕትና እንቋዕ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ኣብጸሓና፡ ንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ዓመት ናይ ሰላምን ዕቤት ዓመት ይግበረላ ዝብል ሰናይ ትምኒት ብምቕራብ፡ ናብ ዝርዝር ሓበሬታ ምሃብ ዝኣትው። ስምዒታትን ተስፋን ህዝቦም ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ፡ ብህድኣትን ሓላፍነትን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓዝናዮም መደባት ከምዝ ከምዝን ይመስሉ ነይሮም፡ ኣብ እከለ ከም'ዚ ኣዐዊትና፡ ኣብ ገለ ኣፋሪቕና፡ ኣብ ገለ ከኣ በዚ ምኽንያት ተዓናቒፍና እናበሉ ይሕብሩ። ሃገራት ናይ ህዝብታት ደኣምበር ብዝኾነ ኣጋጣሚ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ዝወጽኡ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ስለዘይኮና፡ ኩሉ ኣቀራርባኦም ጥንቁቕን ሓላፍነታውን'ዩ።

እዚ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት መራሕቲ ሃገራት ብመራኸቢ ብዙሓን ዘስምዕዎ መደረ ግን፡ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን መንግስታት ጥራሕ ዝብልዎ ኣይኮነን። ብኢ.ደ ወነኖም ስልጣን ዝተቖጻጸሩ መለኽቲ ስርዓታት'ውን ህዝባውያን ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ንምምሳል ነቲ መድረኽ ይጥቀምሉ'ዮም። ምኽንያቱ ስልጣን ኣብ ኢዶም፡ መራኸቢ ትካላት ኣብ ኢዶም ስለ ዝኾነ ኣይፋልኩምን ኢሉ ዘዕንቅፎ ስለ ዘየለ። ሓደ ካብ'ዞም ኣብ ኣብ ስልጡን ዘመን ኣብ ድሕረት ዝነብር ዘሎ ቅቡጽ ግን ከኣ ጨካን መራሒ ህግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ'ዩ። እዚ ሰብ ነቲ ውድብይ ዝብሎ ምሉእ ንምሉእ ስለዝተቖጻጸሮ፡ በቲ ውድብይ ዝብሎ ህግደፍ ኣቢሉ ድማ ነቲ ህዝቢ መተንፈሲ ስለ ዝኸልኦ፡ እንተደልዩ ኣብ ዕለቱ መግለጺ የስምዕ ኣየድለዮን ከኣ ኣብ ቃሕ ዝበሎ ይገብር። ኣብ 27-28 ጥሪ 2017 ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ኢሉ ምግባሩ ድማ መግለጺ ፋሉልነቱ'ዩ። እዚ ውልቀ መላኺ ባእታ ግዜ ምብላዑ ጥራሕ ዘይኮነ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ እውን ደስ ዝብለኒ እንተተዛረብኩም መን ሓታቲ ኣለኒ ብዝብል ውሽጣዊ ድርኺት ዝተደፍአ ሓላፍነት ዝጎደሎ ብምንባሩ ብኩለንኡ ሕሱር ምዃኑ ዝተቓልዓሉ'ዩ ነይሩ ክብል እደፍር።

ኢሳያስ ብባህሪኡ ብሓድሽ ምዕባሌታት ስለ ዝሰግእ፡ ኣይኮነን ባዕሉ ሓድሽ ነገር ከተኣታቱ፡ ብዛዕባ ካብ ህዝቢ ዝቐርብ ወይ ንህዝቢ ዘርብሕ ሓድሽ ምዕባሌታት ክሰምዕ ኣይደልን። ብቐጥታ ካብ ህዝቢ ድዩ ብተዘዋዋሪ ብጋዜጠኛታት ይኹን ብካልእ ኣጋጣሚታት ከም'ዚ እንተዝግበር ወይ እንተዝኸውን እንተተባሂልዎ ድማ፡ ስለምንታይ ከምኡ ትብል ትብሉ ብዘስምዕ ገፍገፍ ይብል። ግዜ ኣጸናትዩ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንሱ ዘይደልዮ ሕቶ ዘቕረበ ወይ ዘቕረበት ብሃሱሳቱ ኣቢሉ ናይ ምስዋርን ምቕታል ስጉምቲ ይወስድ። ድሕሪ'ቲ ኣብ ማይ ሓባር ኣብ ልዕሊ ፍርቂ ኣካሎም ቀቢሮም ዝኣተው ውጉኣት ሓርነት ዝተወስደ ፋሽሽታዊ ተግባር፡ ኣብ'ቲ ሽዑ ሕቶታት ህዝብን መልሲ ፕረሲደንትን ኢሎም ዝገልጽዎ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝካየድ ዝነበረ መድረኽ፡ ውጉኣት ሓርነት ስለምንታይ ተጨፍጪፎም ኢሉ ንዝሓተተ ዜጋ ድሕሪ ሳልስቲ ሃለዋቱ ክጠፍእ ምግባሩ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ።

እቲ ኣብ ቃለ መጠይቑ ንህዝቢ ዘስመዖ ሃጠው ቀጠው ድማ መግለጺ ፖለቲካዊ ባህሪኡን ካብ ፖለቲካዊ ድኽነቱን ዝምንጩ ኮይኑ፡ ንዓና ከም ህዝቢ መጀመርያ ብኸምዚ ክንምራሕ ዕድል ብምሃብና፡ ካልኣይ ዘይከውን ምዃኑ ተገንዚብና ብኣጋ ዘይምእላይና ዘንዕቐና'ዩ። እቲ ናይ 30 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ዝሃቦም ተመክሮ ደኣ ኣበይ ድዮም ዝጥቀምሉ፡ ጸረ-መለኽቲ ብጽንዓት ተቓሊሶም መስተንክር ሰሪሖም ክንሶም፡ መጻወቲ ሓደ ሰብ ክኾኑ ኢሎም ቀረባ ፈለጥና ክወራዘይሉና ዝዕድም ስንፍና'ዩ። ኢሳያስ ብድሌትካ ናይ ምኻድ፡ ብሕጊ ዘይምቕያድ፡ ህዝቢ ዘይምኽባር ሃላልነት ካብ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ እናሰርሓሉ ዝመጸን ምስ ደሙ ድማ ዝተወሃሃደን ስለ ዝኾነ፡ ልክዑ ኣይፈልጥን። ክእዝዝ፡ ክምህር ደኣምበር፡ ክምከር ክግራሕ ፍቓደኛ ኣይኮነን። እዚ ካብ ሕሉፍ ጌጋታቱ ዘይምሃር ናይ ኩሉ ግዜ ቅኑዕ'የ ሃላሊ ሚዛኑ ነጸብራቕ'ዩ።

***ድሕሪ'ቲ ብስዕረቱ ዝተዛዘመ ዶባዊ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ዝመሃዛን እንክጭነቕ ህዝቢ ኣደናጊሩ መሳርሒኡ ዝገብረላ "ህዝባዊ መኸተ" ትብል ጭርሖ ኣላቶ። ኣንጻር መን'ዩ እቲ መኸተ? መን ኣብ ልዕሊ ነጻነትን ረብሓን ህዝቢ ኤርትራ ናይ ተጻብኦ ድምጽን ወስታን ምስ ኣርኣያ? ጭብጢ ኣቕርብ ኢልካዮ ከቕርብ ኣይክእልን። ስለምታይ'ሲ ንህዝቢ ከደናገር ኢሉ ባዕሉ ጸላእትን ተጻባእትን ኢሉ ዘቕምጦም እንተዘይኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈልጦም ንመሰሉን ረብሓኡን ሓደጋ ዝኾኑ ጸላእቲ ዛጊት ኣይተራእዩን። ገለ ግሩሃት ኣይስእንን ግዲ ኢሉ ኮይኑ፡ ኣብ'ዛ ቃለ መጠይቕ ሕጂ'ውን ህዝባዊ መኸተ ክብል ተሰሚዑ። ብዋጋ መን፡ ንረብሓ መን ክበሃል ህዝባዊ መኸተ? እንቱም ሰባት፡ ህልዊ ጸገም ኤርትራ ዘቤታዊ ደኣምበር ግዳማዊ ከምዘይኮነ ዓለም ብዓለሙ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። እሞ ኣንጻር መን? እንታይ ንምርካብ? ንረብሓ መን'ከ? ኩሉ ኣብ ህላወ እዚ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ጠቕሚ ዘይብሉ ኤርትራዊ ክሓቶን መልሲ ክረኽበሉ ዘለዎ ይመስለኒ። ዜጋታት ካብ ሕሉፍ ተመክሮኣም ትምህርቲ ወሲዶም፡ ህዝባዊ መኸተና ኣንጻርካን ኣንጻር ህልውናኻን 'ምበር ናብ'ቶም ጸላእትኹም ትብለና ዘለኻ ፈተውትና ኣይቕንዕ ዝብል ተሪርን ዘይዳግምን መልሲ ክህቦ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ።***

***ሓናን ኢብራሂም***

***ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡*** 22-02-2017